**ኣብ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ ኪንዮ ቲ ዘጋጥም ዘሎ ማሕለኻታት ሕርሻዊ ንጥፈታት ንምስልሳል ልዑል ጻዕሪ ይግበር ከምዘሎ ተገሊጹ።**

**----------0-----------**

ኣብ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ ኪንዮ ቲ ዘጋጥም ዘሎ ማሕለኻታት ሕርሻዊ ንጥፈታት ንምስልሳል ልዑል ጻዕሪ ይግበር ከምዘሎ ወኪል ሚኒስትሪ ሕርሻ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ ኣቶ ዘቢብ ካሕሳይ ንኣገልግሎት ዜና ኤርትራ ሓቢሩ።

ብመሰረት ሓበሬታ ኣቶ ዘቢብ፣ ብሰንኪ ወራር ወያነ ካብ ዓድታቶም ተመዛቢሎም ዝነበሩ ተቐማጦ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ ናብ ዓድታቶም ተመሊሶም፣ ሕርሻዊ ንጥፈታቶም ዘካይድሉ መገዲ ይሰላሰል ኣሎ።

ስርዓት ወያነ ንንኡስ ዞባ ሰንዓፈ ብወራር ኣብ ዝሓዘሉ እዋን፣ ሓረስቶት እቲ ከባቢ ዝጥቀምሉ ዝነበሩ 217 ሞቶረታት ማይን ብርክት ዝበለ ቱቦታትን ብምዝማት ናብ ትግራይ ከምዘግዓዞ ኣቶ ዘቢብ ገሊጹ። ብዘይካዚ፣ ወያነ ንሰፊሕ ሕርሻዊ ቦታታት እቲ ንኡስ ዞባ ነታጒ ስለዝተዘርኦ፣ ንሕርሻዊ ስራሓት ኣጸጋሚ ኮይኑ ይርከብ።

እዚ ከምዚ ኢሉ ከሎ፣ ኣብ ዝተፈላለያ መዓስከራት ጸኒሖም ናብ ቦትኦም ንዝምለሱ ዘለዉ ተቐማጦ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ፣ ስጋብ ሕጂ ኣስታት 7 ሽሕ ኩንታል ዘመናዊ ድኹዒ ከምዝተዓደሎም ኣቶ ዘቢብ ሓቢሩ።

ብተወሳኺ፣ ንነፍሲ ወከፍ ገባራይ እቲ ከባቢ ንመትከሊ እግሪ 4 ሚእቲ ናቕፋ፣ ብጠቕላላ ድማ ልዕሊ 4.2 ሚልዮን ናቕፋ ብመንግስቲ ተመቓሪሑ ኣሎ። ከም ኣፍራዛን ባዴላን ዝኣመሰሉ ናውቲ ሕርሻ ውን ተዓዲሉ።

ነቶም ዓቕሚ ዘይብሎም ሓረስቶት ኣስታት 4 ሚእቲ ሄክታር መሬት ብመንግስቲ ከምዝተሓርሰሎምን፣ ነተን ትምህርቲ ናብራ ዕቤት ዝወሰዳ ደቀንስትዮ 6500 ጨቓዊት ከምዝተዓደላን ኣቶ ዘቢብ ኣረዲኡ።

ንሱ ኣብ መወዳእታ፣ ኣብቲ ንኡስ ዞባ ጥሙር ማሕረስ ንምክያድ፣ ነቲ ዕርቃኑ ወጺኡ ዘሎ መሬት ገረብ ንምትካል፣ ከምኡውን ንጽጉማት ሓረስቶት ጤለ-በጊዕ ንምዕ ዳል መደብ ተታሒዙ ከምዘሎ ኣፍሊጡ።

******ኢ.ዜ.ኤ*********